# ናይ ኣገልጋሊ ልቢ፥ ሰራሕተኛ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዚኾነ Tera Reid፡ ናይዚ ዓመት'ዚ ናይ ደረጃ II ክኢላ ትምህርታዊ ደገፍ (Educational Support Professional II) ተባሂላ ኣፍልጦ ትረክብ

ሰራሕተኛ ማሕበራዊ ኣገልግሎት Eagle Woods Academy ዝኾነት Tera Reid፡ ኩሉ ግዜ ናይ ኣገልጋሊ ልቢ ኣለዋ። ንልዕሊ 25 ዓመታት፡ ነቶም ዝተገለሉ ተማሃሮ እወታዊ መፍትሒታት ንኽረኽቡ ኣብ ምሕጋዝ ሰሪሓ። እቲ ንተማሃሮ ንምግልጋል እትገብሮ ተወፋይነት፡ ናይ 2024–2025 ናይ ደረጃ II ክኢላ ትምህርታዊ ደገፍ ተባሂላ ብDeKalb County School District (*DCSD*) ስም ረኺባ። Ms. Reid፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር ብኣውራጃ ዝተኻየደ *መበል 11 ዓመታዊ ሽልማት ኣካዳሚ ትምህርታዊ ብሉጽነት (Annual Academy of Educational Excellence Awards Gala)* ክብሪ ረኺባ።

“ናይዚ ዓመት'ዚ ናይ ደረጃ II ክኢላ ትምህርታዊ ደገፍ ተባሂልካ ብኣውራጃ ኣፍልጦ ክትረክብ ኣዝዩ ዓቢ ክብሪ'ዩ” ብምባል Ms. Reid ተዛሪባ። “ኣብዚ ዓውዲ'ዚ ብቑዓት ብዝኾኑን ክብሪ ብዘለዎምን ሓያሎ መሳርሕቲ ዝተኸበብኩ እየ፣ ዕውትቲ ኮይነ ብምምራጸይ ድማ ንሞያዊ ጉዕዞይ ናብ መወዳእታ ንኽብጽሕ ከምዝገብረኒ ይስምዓኒ”

Ms. Reid፡ ንኣብያተ-ትምህርቲ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ ፍትሒ መንእሰያት፡ ንቕሓት ኤችኣይቪ/ኤይድስ፡ ስነኣእምሮኣዊ ጥዕናን ጾታዊ ምዝመዛ ቆልዑን ኣገልግሎት ምስዝህባ ዝተፈላለያ ትካላት ብምኳን ከም ሰራሕተኛ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ሰሪሓ እያ። “ብዙሕ ዝውሃቦ፡ ብዙሕ ይደልይዎ” ትብል ጥቕሲ ኩሉ ግዜ ኣብ ልባ ኣላ፣ ነዚኣ ጥቕሲ ድማ ኣብቲ ዘለዋ ሞያ ከም መምርሒ ተጠቒማትላ እያ።

“ሓለፋ ካብ ዝውሃቦ ስድራቤት ዝመጸእኩ እኳ እንተዘይኮንኩ፡ ብስድራቤተይን ዝቕመጠሉ ኮምን ሓልዮትን ሓያሎ ዕድላትን ይውሃበኒ ስለዝነበረ ዝተባረኽኩ እየ” ብምባል Ms. Reid ተዛሪባ። “እዚ ዓይነት ዕድላት'ዚ፡ ንኹሉ ሰብ፡ ብፍላይ ድማ ነቶም ኣዝዮም ተኣፈፍቲ ዝኾኑ ክፋል ሕብረተሰብ ከምዘይውሃብ ስለዝተገንዘብኩ፡ ካልኦት ሰባት ናብ ምሉእ ዓቕሞም ንኽበጽሑ ሓገዝ ንኽበርክት ምሉእ ግዜ ንኽህብ ምሒር ድሌት ሓዲሩኒ።”

Ms. Reid፡ ካብ 2013 ጀሚራ ኣብ DCSD ከምኡውን ኣብ Eagle Woods Academy ሰሪሓ እያ። ንEagle Woods Academy ኣዝያ ትፈትዋ እያ፣ በቲ ኣካል መዓልታዊ ስርሓ ዘይኮነ ዘጋጥማ ኣገራሚ ኩነታትን እትጋፈጦ ብድሆታትን ሕጉስቲ እያ። እቲ ከም ሰራሕተኛ ማሕበራዊ ኣገልግሎት መጠን እትረኽቦ ኣዝዩ ዜዐግብ ነገር፡ ዋላ'ውን ብንኡስ መጠን ይኹን ንህይወት ሓደ ሰብ ንምምሕያሽ ኣበርክቶ ከምዝገበረት ብምፍላጣ ምኳኑ ትዛረብ።

“ተማሃሮና፡ ክትዛረበሉ ዘይትኽእል እሞ ኸኣ መብዘሕቶም እንታይ ምኳኑ ንኽርድእዎ ብዘጸግሞም ኣሰንባዲ ተሞክሮን ብድሆታት ስነኣእምሮኣዊ ጥዕናን መብዘሕቱ ግዜ ዝሓለፉ እዮም” ብምባል ተዛሪባ። “ኣብ መንጎ ተማሃሮን ስድራቤታቶምን ሓያል ዝምድና ምህናጽን ነዚ ብድሆታት ድማ ኣብ ምግጣም ሓገዝ ምብርካትን ሓጐስ ዚህበኒ ነገር እዩ።”

ማሕበራዊ ስራሕ፡ ነቲ ዝተሓላለኸ ባህሪ'ቲ ስራሕን ኣገልግሎት እትህቦም ሰባትን ኣብ ግምት ብምእታው በጻሂ ሞያ ኪኸውን ይኽእል እዩ። Ms. Reid፡ ሽሕ እኳ ኣብ ሞያኣ ቅልጡፍ ዓወት ብቐጻሊ ዘይትርኢ እንተኾነት፡ ለውጢ ንኽተምጽእን ኣብ ሰብ ድማ እወታዊ ጽልዋ ንኽትገብርን ዕድል ዝህብ ብምኳኑ እቲ እትሰርሖ ስራሕ ኣዕጋቢ ምኳኑ ትገልጽ።

“ዋላ'ውን ውጽኢታት'ቲ ዝገብሮ ጻዕርታት ብቐጻሊ ዝርእዮ እንተዘይኮንኩ፡ እቲ ዝህቦ ገለ ናይ ምትብባዕ ቃላት ወይ እቲ ዘበርክቶ ዓቕሚ፡ ኣብ መወዳእታ ብተማሃሮይ ኪድገምን ኣብ ህይወቶም ድማ እወታዊ ኣበርክቶ ኪገብርን ምኳኑ እምነት ኣሎኒ” ብምባል ተዛሪባ። “ኣብ መወዳእታ ድማ እቲ ውርሻይ ‘Ms. Reid፡ ነዚ ምሃራትኒ’ ዚብል ንኪኸውን ምንዮት ኣሎኒ።”

XXX